# 56 ዓመት ኣብ መትከል ንሰላም

## ኣቃልሑላባ!

## ይነፋሕ ጥሩምባ!

## ኣብቲ

## **ናይ ኤርትራውነት ታባ**

## **ጎቦታት ኣዳል፣ ጎቦታት ቶጎሩባ!**

ብ.ጴጥሮስ ተኸሉ (ሓላዪ) 01/09/2017

ካብ ሃገር ኣልቦ

ክንረክብ ኣቃልቦ

ኣብ መላእ ሃገርና ቀይሕደም ዝነጠቦ

የዕጽምቲ ተኸስከሶ ጨው ርሃጽ ዝወረሮ

ናይ ሕሩያት ዜጋታትና ናይ በላሕቲ ኣእምሮ

ብሓደ መስከረም መሓመድ ኢድሪስ ዓዋተ ሰውራ ዝጀመሮ

ኮሪዕና ብሓበን ሕጂ ክንዝክሮ፡

  ናይ ፈለማ ማሕታ ጥይት ዝተኮሰ

  ዓወት ወይ ሞት ኢሉ 'ተበገሰ

  ኣብ ጎቦታት ኣዳል ኣብ በረኸቲ ታባ

  ብረታዊ ተጋድሎ ኣብሊሒ ዝጸረባ፡

**ዓዋተ! ዓዋተ! ዓዋተ! ኣንበላይ ፈረሱ**

ጀማሪ ሰውራና ሓርበኛዩ ንሱ

ክብሪን ዝኽሪን ንዓኻን ንኹሎም ዝሓለፉ በጃ

ብሳላኹም ሃገር ነጻ ወጽያ ክትሰለምያ ግምጃ፡

ታሪኽዶ ይርሳዕ ታሪኽ ዝመከተ

ጵሮት ኣብ ኣጻምእ፣ ሽንቲ'ወ ክስተ

ብኣሰር ከይስዕቡ ጨንገር ዝጎተተ

ኣራግጽ ሸዳ ገምጢሉ ጸላኢ ዘሀውተተ

**ጀማሪ ሰውራና ዓዋተ! ዓዋተ! ዓዋተ!**

ሓዊ ብሓደ መስከረም

ጎባጢ ክህረም ዓማጺ ክእረም

ዓወት ቃልስና ብደምና ሕጂውን ንሓርነትና

ዓወት ወይ ሞትዩ ጭርሖና ክሳብ ጊዜ ሞትና፡

ሃገር ክትክበር ለጊሶም ምኽሪ

ኣሰኪሞምና ሓያል ሕድሪ

ብዓል ሕልና ይሃሉ'በሪ

ስኒትዩ መድሕን ዝብል መዓዝን ሓባሪ፡

ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ተሓቲቱ ክምልስ

ንኹሉ ወዲሃገር ንልቡ ዘረስርስ፣ብሓቂ ዘሕጉስ

ምዓስዩ ነጻነት ዝመጽእ፡ ምስበልዎ

ወዲከብሳን መታሕትን ብሓደ ምስተቃለሱ በለ'ስከ ሕሰብዎ፡

ብሓድነት ደቀባት ቆላን ከበሳን ከም ሓደ ህዝቢ

ኣብ ሓደ ጉድጓድ ተቐቢርና እቲ ፍቕርና ክዓቢ

ብዘይፈለያ ሃይማኖት ይኹን ወገንነት

ተቃሊሱ ዘዐወተ ሃገራዊ መንነት፡

**እዋኑ ሎሚዩ ቃልሲ ኣለልዩ**

**ወርቂ ተሸሊማስ ህዝባ ግን ተዳልዩ**

**ፍትሒን ዲሞክራሲን ክትውንን ሃገርና**

**ብሓባር ንመክት ዘኪርና ታሪኽና።**